*ክቡራትን ክቡራንን*

*ብሓልዮት ዲሞክራስያዊ ማሕበር መንእሰያትን ሓርበኛታት ኤርትራን (ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ) ጨንፈር ጀርመን፣ ብምትሕብባር ምስ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ውድባትን በርጌሳውያን ማሕበራትን ኤርትራ ብሓባር ዝተዳለወ ፈስቲቫል ካብ* **04-06/08/2017** *መበል* **32** *ሰፊሕ በዓል ኤርትራ (ፈስቲቫል ካሰል 2017) ኣብ ትሕቲ "ምዕቃብ ሓድነት ህዝብናን ልዑላውንት ሃገርናን፣ ሓላፍነት ናይ ነፍሲ ወከፍ ሃገራዊ ኢዩ" ዝብል ማእከላይ ጭርሖ፣ መኣዲ ዘተን ምርድዳእን ኣዳሊዩ ምንባሩ ዝዝከር ኮይኑ፣ ኣብዚ ዝተኻየድ ዘተ ብኣገደስቲ ምሁራትን ምኩራት ሃገራውያን ተቓለስትን ምስ ቴማ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ዝሳነ ኣገዳሲ ናይ ክትዕ ወረቓቕቲ ከም ዘቕረቡ ክንሕብር ደስ ይብለና። እዚ ወረቓቕቲ'ዚ ንኩሉ ሃገራውን ብኤርትራ ንዝገደስን ንክንብቦን ንኽፈልጦን ብማለት ክንዝርግሖ ምዃና ነረጋግጽ። እዚ ቀጺሉ ኣብ ትሕቲ "ጻዊዒት" ዝብል ኣርእስቲ ንዝርገሖ ዘሎና፣ በቶም መደረ ዘቕረቡ ኣሕዋት ዝቐረበን ብተሳተፍቲ ፈስቲቫል ዝተደገፈን ለበዋ ኮይኑ፣ ብመንገዲ መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኣቢሉ ናብ ኩለን ሃገራውያን ውድባት ንክበጽሕ ዝተዳለወ ኢዩ።*

ሽማግለ ዜና ፈስቲቫል ካሰል 2017

## ጻውዒት ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ካሰል 2017



*ንሕና ተሳተፍቲ ናይቲ ካብ ዕለት 4 ክሳብ 6 ሓምለ 2017 ዝተኻየደ ፈስቲቫል ካሰል፡ ነቶም ኣብቲ ዝተኻየደ ዘተን ኣብኡ ዝተላዕሉ ዛዕባታትን ምርኩስ ብምግባር፣ ተሳተፍቲ ንዞም ዝስዕቡ ንሓይልታት ተቓውሞ ዘሐይሉ ንስቕያት ህዝብና ካኣ ዘቃልሉ ለበዋታት ንመሓላልፍ።*

1. *መሓውራት ስለያ ዲካታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ወጻእ ንምኽሻሕን፡ ንጥፈታትን ምንቅስቓሳትን ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዲምክራስያውያን ሃገራትን ንምዕጋትን ዕቱብ ስራሕ ንምክያድ ንጽውዕ።*
2. *ህዝብና ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሕልፎ ዘሎ ሓሳረ መከራ ዝያዳ ኣቓልቦ ሂብና፡ ኩሉ ዓቕምታት ተቓውሞ ኣንጻር ህግደፍ ከጻወድ ንምሕጸን።*
3. *ምውሓስ ልዑላውነት ኤርትራን ሓድነት ህዝባን፡ ከምኡ ድማ ነጻ ኤርትራዊ ውሳኔ ንምዕቃብ ክንሰርሕ።*
4. *ብዕለት 13.04.2003 ዝተበየነ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንክኽበርን መትከል ሰናይ ጉርብትና ካኣ ክኽበር ንጽውዕ።*

*ኣብ መደምድምታ እዚ ተጠቒሱ ዘሎ ነጥብታት ብሰፊሕ ንምዝታይ ናብ ኩሎም መራሕትን መሰረታትን ተቓውሞ ሓይልታትን ህዝብን ተዘርጊሑ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ሰፊሕ ኣኼባ ተጸዊዑ ኩልና ተኣኪብና ክንዝትየሉ ንግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ንላቦ።*

*ካሰል - ጀርመን*

*ዕለት 05/08/2017*